*ሓዳስ ኤርትራ* 6-8 *ግንቦት* 2009

# ሚዛን ወርቂ

7*ይን* 8*ይ ክፋል ተስፋኣለም ገ*/*ስላሰ* (*ጫረ*)

*ከብዲ ህዝባዊ ግንባር ባሕሪ ርግኣት ኢዩ፣ ንነገራት ብዕምቈት ሱር መሰረቶም ኣጽኒዕካ ሃዲእካ ምሕሳብን ምጥማትን። ንምዕባሌታትን ፍጻሜታትን፣ ብየማነ ጸጋሞም ኣስተውዒልካ ምስራሕ ኢዩ ናይ ህዝባዊ ግንባር ፖለቲካዊ ባህሊ። እዚ ክቡር ዓቕሊ ከኣ፣ ወናኒ ዘየዕጽፍ ቃል ሓቂ ክኾውን ኣብቂዕዎ። ሓሳባቱ፣ ተግባራቱ፣ ነቶም ዝተኸሎምን ዝኾስኰሶምን መትከላቱ፣ እናሓደሩ ክደምቁን ቀጻልነቶም ክረጋገጹን ተራእዮም። እቶም ቅድሚ* 40 *ዓመታት ዝበሎምን ዝኣመቶምን ሓሳባት ብግብሪ ክፍጸሙ ምርኣይ ከኣ፣ ናይቲ ቅኑዕ ንባብን ሓይሊ ምስትውዓልን ሕላገቱ ምኻኖም ዘከራኽር ኣይኮነን።*

*ቅኑዕን ርቱዕን መትከላት ህዝባዊ ግንባር፣ ምልክት ናይቲ ካብ ብስለት ዝተጠርየ ክቡር ፖለቲካዊ ባህሉ እዩ- ብግዜን መድረኽን ዝተሳሕለን ከም ወርቂ ዝጸረየን፣፣ በዚ ባህሊ እዚ ሰሪሑ፣ ተመሪሑ፣ ተጓዒዙ፣ ተዓዊቱ ከኣ። ወያነ፣ ብሰሪ እቲ ዘይርጉእ ባህሩ፣ ወትሩ ከም ሱር ዘይብሉ ገረብ ክጸንዕ ኣይተራእየን። ምስ ዝነፈሰ ንፋስ ክሸብብ ከኣ ግድን እዩ- ባህሩ እዩ። ክራጋሕ ጸኒሑ ብርኩ ንምዕጻፍ፣*

> “*ዘይክምብል ዝበለ እምበር መዓስ ተኻዕዩ*! *ከምቲ ዝበልክሞ ንኹን*”

*ክብል ቅንጣብ ስክፍታ የብሉን። ሽዑ፣ ወያነ፣ ብብልሑ ንህዝባዊ ግንባር ዘታለለ ኮይኑ ይስምዖ ነይሩ። ህ.ግንባር ግን እታ ፍትንቲ መርሓኡ ጌሩ ኢዩ ዝምልስ ኔሩ- ትም ምባል። ወያነ ዝጐርሑ ክመስሎም ከሎ’ውን፣*

> “*ጐራሓት ኣይኮናን። ግን ነቶም ንነብሶም ጐራሓት ዝመስሎም እሞ ዘይጐራሓት፣ ኣጸቢ ቕና ንፈልጥ ኢና*”

*ኢሉ- ብውሽጢ ልቡ ፍሽኽ ይብሎም ነበረ። ንሶም ግን ኣይቆሙን። ኣብ ምንታይ ረጊጾም’ሞ ደው ክብሉ*? *እቲ ኣታውን ወጻእን ባህርያቶም ብፍላይ ከኣ፣ ድሕሪ* 1988 *ዝያዳ ዝኾነ ካልእ እዋን በሪኹ ተራእዩ።*

*ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ፣ ወያነ ነቲ ሕቖ ዝኾኖ ህዝባዊ ግንባር ሕቖኡ ሂብዎ ከም ዘይረሓቖ፣ ጥውይ ኢሉ፣*

> “ *ብዘይካኻ መን ኣለኒ*? *ብዘይብኣኻ* …! *ብሱሩ ኣበይ ክበጽሕ*? *ዝሓለፈ ጌጋ ይኣክል።*…*ብሓደ ክንሰርሕ፣ ክንተሓባበር ንኽእል ኢና*”

*ክብልን፣ ብዙሕን ውሑድን ወሲኹ ክናዘዝን ተሰሚዑ። እታ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ተወሊዳ ኣንጻር ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሰፊሕ ናይ ጸለመ ዘመተ ንምቅላሕ ተዋፊራ ዝነበረት፣ ራድዮ ድምጺ ወያነ ሓርነት ትግራይ’ውን፣ ንህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንኽትውድስን ብናይ ዓወታቱ ብስራት ከተቃልሕን፣ ሰዓታት ፈነውኣ ወሲኻ። ኣቃሊሓ፤*

> “*ብወገንና ናይ ክልቴና ምድግጋፍ፣ ኣብዚ እዋን እዚ መተካእታ ዜይርከቦ ኢልና ስለ ንኣምን፣ ምትሕግጋዝ ክንገብር ንዕድመኩም*”

*ክልተ ቅኒት ክልተ ድምጺ- ኣብ ሓደ ሰሙን። ካድራት ወያነ ቃናኦም ክቕይሩ ኣይሓነኹን- ባህሮም እዩ*!

*ህዝባዊ ግንባር፣ ካብቲ ዝኣምነሉን ዝምራሓሉን መትከል ነቕ ከይበለ፣ ከም ቀደሙ፣ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናጽነት፤ ከም ዞባዊ ጉዳይ ብምርኣይ፣ ዘይቁጡብ ደገፍ ካብ ምሃብ ኣይተዓግተን። ጠመትኡ ነዊሕ፣ ኣተሓሳስባኡ ሰፊሕ ብምንባሩ ከኣ፣ ኣብ ወተሃደራዊ ሳይንስ ጽጉብ ተመክሮ ዝነበሮም፣ መኰነናት ስርዓት ደርግ ጸኒሖም፣ ኣብ ሜዳ ዓውደ ውግእ ኤርትራ ዝማረኾም፤ ደሓር ከም ናይ ወያነ ሚኒስተር ምክልኻል*

ዝኾኑ -ሰብ ጽሩራ፤ ነቲ ዝነበረ ስርዓት ብዝግባእ ተገንዚቦም ዝነቕሑ ክኢላታት፣ መልሚሉ፣ ኣዕጢቑ ኣብ ጐኒ ወያነ ከቃልሶምን ከስርሖምን ዝኽኣለ፣ ብምስትውዓል ጽቡቕ መጻኢ ዕድላት ህዝቢ ኢትዮጵያ ብምጥማት ድኣ እምበር፣ ብስምዒት ተደሪኹ ኣይነበረን። ስለ ዝኾነ ከኣ፣ ንሓሳባቱ ተዓዊትሉ፣ ሳላ እዚ ሓያል ርቡሕን ድምርን ዘይነጽፍ ኣበርክቶ ህዝባዊ ግንባር'ዩ ስርዓት ደርግ ካብ ስልጣን ተኣልዩ።
ወያነ፣ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት፣ ንኹሉ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ተቓውሞን ምንቅስቓስን ጨፍሊቑዮ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፣ ዝተርንዐ'ውን ኮይኑ ስለ ዝተሰምዖ፣ ንልኡላዊ መሬት ኤርትራ ክጕብጥ ተሃንዲዱ። እቲ ብስለትን ፍልጠትን ዝጐደሎ ኣእምሮ፣ ካብ ቋንቋ ታህዲድን ምጉብዕባዕን ክርሕቕ ኣይክኣለን። ምስትውዓል ዝጐደሎ ልቢ ካብ ናይ ምውስዋስ በትርን ሓይለ ቃላትን ዝፍንተት ኣይኮነን። እቲ ዝነበረ ኩነታት እርይ ቁጽር እንተኣቢልናዮ፣ እቲ ዝነበረ ፍጻሜታትን ሓቅታትን ፣ ክሰፍሓና ኢዩ። ውሑድ ኣብነታት እንተጠቕስና ግን፣ ናይ ህዝባዊ ግንባርን ወያነን ኣብ ኣተሓሕዛ ጉዳያት ጽቡቕ ሚዛን ክህበና ይኽእል ኢዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፣ ኣብ ዋዜማ ናይቲ ካብ ቀሊል ናብ ሰፊሕ ኲናት ዘምርሐ ሽግር፣ ድርብ ባህሪ እዩ ኣንጸባሪቑ። በቲ ሓደ፣ ሽፋን ነቲ ኣብ ዶባት ኤርትራ ዝተፈጥረ ሽግር ንምፍታሕ ብላዕለዎት ኣካላት ምስ ዝቖመት ኮሚተ ሽምግልና፣ ንናይ ይምሰል ጻዕሪ፣ ጌሩ ክብሃል እናሰርሐ፣ በቲ ካልእ ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ዶብ ክልቲኣን ጐረባብትን ኣዕሩኽን ሃገራት ከስፍር ተራእዩ። ልዕሊ ኹሉ ከኣ፣ ካብ ባይታ ናብ ዝበረኸ ጫፍ ዝበጽሐ ውሳነ፣ ብወግዒ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብናይ ምጉቡዕባዕን ሓይለ ቃልን ኲናት ኣዊጁ። ሃዲእካ ካብ ዘይምሕሳብን ዘይምምዛንን ዝተፈጥረ ናይ ሃውራ- ሃውራ- ውሳነ።

*" የኢትዮጵያ መከላከያ ሃይል ተፈላጊ የሆነውን እርምጃ ሁሉ እንዲወስድ በዛሬው ቀን ታዝዞዋል"*

እዚ ሓይሊ ቓል'ዚ ግደፍ ነቲ ሂቡ -ሂበ ከይበለ፣ ምሂሩ፣ ሚሂረ ከይበለ፣ ኣብ መሳልል ስልጣን ዘሕኲረ ህዝባዊ ግንባር፣ ንደመኛ'ኻ'ውን ብኽንድኡ ፍጥነት ታህዲድ ክቃላሕ ኣይትጽበዮን። ንሱ ገዲፍካ'ውን፣ ንሰናይ ጉርብትና ሓቢርካ ንምዕባለ ጽባሕ ክትሰርሕ፤ ውዕላትን ክታማትን ከተንብር ጸኒሕካ፣ ተሃንዲድካ ነጋሪት ኲናት ምውቃዕ፣ ክንዮ ምስንባድን ምርማምን፣ ዘየሕስብ'ውን ኣይኮነን- ኣብ ጥዕና ኣእምሮ-! ምርባጽን ታህዋኽን ንዘይርግኣት ኣእምሮ ስለ ዘመላኽት።

ብኣንጻሩ እቲ ጐይታ መሰሉ፣ ብናይ ገዛእ ኩርኹሮ እግሩ፣ ኣደልዲሉ፣ ኣብ ባይታ ሓቂ ረጊጹ ዝሓድር ህዝባዊ ግንባር፣ ነቲ መለኸት ኲናት፣ ዓጸፋ ክምልሰሉ ኣይተራእየን። ካብቲ ንእለት ዝተኣጉደን ዝተናኸሰን ታህዲድ፣ ኣርሕቕ ኣቢሉ ክጥምትን ብርግኣት ክምልስን ጥራይ እዩ መሪጹ።

ዓቕሊ ዓንዲ ሕቖ ህዝባዊ ግንባር እዩ። ብእኡ እዩ ቀኒዑ ደው ዝብል። ስለ ዝኾነ ከኣ፣ ነቲ ህዉኽን ርቡጽን ባርዕ ውሳነ፣ ማይ በረድ ኮይኑ ከዝሕሎ፤ ነቲ ሃልሃል ዝብል ታህዲድ ከብርዶ፣ ካብ ቋንቋ ሓይልን ተህዲድን ማሕዲጉ፣ ነቲ ጉዳይ ብሰላማውን ሕጋውን መገዲ ብልዝብ ክፈትሖ ወሲኑ። መርኣያ ብስለቱን ርግኣቱን ብቋንቋ ሰላም፣ ብዘተ ኣብ ጣውላ-ንልዝብ ጸዊዑ። ቀዳማይ ኣብነት ናይዚ ስልጡን ኣተሓሳስባ ብ14 ግንቦት 1998 ዝወጸ መግለጺ ካቢኔ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ።

1. *ዶባዊ ምስሕሓብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዘይኮነ፣ ብሰላማውውን ሕጋውን መንገዲ ብምእማን ሓይልን ስነ መጐት ሓይልን ይቃወም*
2. *ነዚ መትከል እዚ ብምኽታል፣ ክልቲኦም ወገናት ይብጻሓና እዩ ዝብልዎ መሬት እንተድኣ ኣሎ፣ ንህዝቢታት ክልቲኣን ሃገራት ማሕበረሰብ ዓለምን፣ ካርታን ጂኦ ግራፊያዊ መስመራት ኣሰንዮም፣ ብንጹር ከቕርቡ*
3. *ክልቲኦም ወገናት ካብ ሕጂ ንንየው ንዝካየዱ ምርድዳኣት፣ ምስክርን ዋሕስን ዝኸውን ሳልሳይ ኣካል ኣብ ዝተረኽበሉ ንምስላጦም ክሰማምዑ*
4. *እቲ ዘሰሓሕብ ዝብሃል ቦታታት ንግዜኡ ካብ ህላወ ሰራዊት ክልቲኣን ሃገራት ናጻ ክኸውን፣ እቲ ስጉምቲ ድማ ብውሕስነት 3ይ ኣካል ክትግበር።*

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ብግዜ ከም ጥርዚ ኣልማዝ ዝተሳሕልሉ ባህሪ፣ ካብ ተርባጽን ታህዋኽን ርሒቕካ፣ ቀስቲ ብርሃን ምኽታል እዩ። ብርግጽ፣ መዕለቢ ናይ ዝኾነ ፍጻሜ፣ ግዜን ዓቕልን ምዃኑ እዮም

ዝኣምኑ። ቋሕን ሰምን ኢሎም፣ ኣርሒቖም ብልቦና ጥራይ እዮም ዝጥምቱ። ንሕቶ ዶብን ንመሰል ይብጽሓኒን'ውን፣ እንኮ መፍትሒኡ ሰለማውን ሕጋውን መገዲ ምዃኑ ብምእማን፣ ኩርዂሕን ተዃሩርባን ኣልዮም መገዲ ሰላም ክጸርጉ ተራእዮም። ማዕረ ማዕሪኡ'ውን ሳላ እቲ ዝወነንዎ ርጉእ ባህሪ፣ ወያነ ነጋሪት ኲናት ክድስቕ ከሎ፣ ካብቲ ዝነቐልዎ መገዲ ልምዓትን ዳግመ ህንጻ ሃገርን ከይተባኾሩ ሰሪሖም። መራሕቲ ወያነ፣ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘየድሊ ስምዒታት ክፈጥሩን ከራስኑን ጥራይ ተጓይዮም። ሓደ ካብቶም ኣራሰንቲ ካደራት ወያነ፣ ገብሩ ኣስራት

> *"ናይ መራሕቲ ኤርትራ ገምጋም ኣሎ። ባዕሎም ኣብጭርሖታቶም መብዛሕትኡ ግዜ ዝገልጽዎ ነገር ኣሎ። ንሕና ሓያላት ኢና። ሰራዊት ኣለና። ብርቱዕ ሰራዊ ኣለና። ሓደ ፍሊት ንሽሕ ሃመማ፣ ሓንቲ ድሙ ንሓምሳ ኣናጹ ከምኡታት ዝብል ኣሎ"*

ብተደጋጋሚ ኣብ ኣኼባታት ክምድር ተሰሚዑ። ብዘይካ እዚ ዘይናይለባማት መደረ፣ ቀዳማይ ዝረኣየ ቀዳማይ ይትኩስ፣ ቀዲሙ ከኣ ይዕወት ንዝብል ኣተሓሳስባ፣ ኣብ ዘይቦታኡ ክጥቀሙሉ ተራእዮም። ኤርትራ ወሪራትና ክብሉ ተሰሚዖም። ኣበይን መኣስን? ዝብል ሕቶ ከይመለሱ፣፣ ዓባስ ሓንቲ ቃሉ! ተወሪርና ደጋጊሞም።


ገብሩ ኣስራት

ወያነ ካብ ምእጓድን ምንኻስን ሓዊ፣ ናብ ፈኸራን ታህዲድን ሰጊሮም፣ ብዕሊ'ውን ደጊም ኣኸለ ክብሉ ከለዉ፣ ህዝባዊ ግንባር፣ ከም ወትሩ ረጊኡ፣ ነቲ ጉዳይ ካብ ምክትታል ሓሊፉ፣ ነቲ ናይ ታህዲድ ሓይለ ቃል ንጐኒ ገዲፉ፣ ሓላፍነታዊ መልእኽቲ ካብ ምግላጽ ኣይተሓለለን። ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ 24 ግንቦት 1998 "ካብ ቋንቋ ምህዳድን ሓይልን ወጺእና ብዓቕልን ልዝብን ከይተሓለልና ክንሰርሕ ኢና" ክብል ከሎ፣ ወያነ፣ ኣብ ናይ ታህዲድ ጫፍ ጥርዚ ዘብጽሕን ዘጽድፍን ስጉምቲ ክወስዱ ከለዉ፣ ደጊሙ ካብ ካደራት ወያነ ዝኾነ ገብሩ ኣስራት

> *"ንሕና ሱቕ ኢልና፣ ናይ ዓለም መጋባእያታት ናይ ኣፍሪቃ መጋባእያታት ነዙይ ክፈትሕዎ ኢዮም ኢልና ክንጽበ ኣይኮነናን። እቲ ኲናት ምስ ሰራዊት ዝግበር ግጥም ኢዩ። ምስ ሰራዊት ዝግበር ግጥም ምስ ጠቕላላ ናይ ኤርትራ ዓቕሚ ዝግበር ግጥም ስለ ዝኾነ፣ ብቐጻልነት ክካየድ ዘለዎ ኢዩ። ክንዲ ዝወሰደ ይውሰድ። ክንዲ ዝደልዮ መስዋእትነት ይሕተት እቲ ኲናት ክቕጽል ኢዩ።"*

ክብል ተሰሚዑ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን፣ ብህድኣት፣

> *"ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኲነታት ከኣ፣ እታ ናይ መጀመርያ ጥይት ክንትኩስ ኣይኮናን"*

ኢዮም ኢሎም።

ውግእን ሳዕቤን ውግእን ኣጸጽዩ ዝፈልጥ ሰብ፣ ብሓላፍነትን ብዓሚቑ ጥንቃቐን ኢዩ ዝምራሕ። ወያነ፣ ኣይሕቶፍ ኣይሕዘል መራሰኒ መደረታት ጥራይ ከስምዑ፣ ኣንጊሆም ተበራቢሮም። ይትረፍ፣ ኣብዚ ስልጡን ዘበን፣ ኣብ ጥንቲ'ውን እንተኾነ፣ ሓይልኻ ከተርኢ ምዙን ኣተሓሳስባ ኢኻ ተቐድም። ካደራት

ወያነ ግን ዘይሓላፍነታውን መርኣያ ዝነበሮም ንዕቀት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ታህዲድ ድምጺ ኬቃልሑ ተሰሚየም። ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ተሰናቢዱ ከብዱ ክሓቁፍ ተገዲዱ።



*"ናይ ዝኾነ ግድል ሕቶ መልሲ ኣለዎ -ጥራይ ብርግኣት ሕሰብ። ሽግራት ኣብ ጠረጴዛ እዮም ዝፍትሑ፣ ተላዘብ። ማዕበል ባሕሪ'ውን እንተኾነ፣ ብህድኣት እዩ ጸጥ ዝብል- ህዳእ"*

ብዝብል ሓሳብ ኢዩ ዝምራሕ- ህዝባዊ ግንባር። ነዚ ብግብሪ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ ዝኣምን- ህዝቢ ኤርትራ። ስለ ዝኾነ ከኣ፣ *"ነቲ ይብጻሓናዮ ናትና እዩ"* ዝብልዎ እንተኣልዩዎም፣ ሃዲኦም ብወረቐትን ብካርታን ኣሰንዮም፣ ኣብ ጠረጴዛ ሰላም ክላዘቡ ጸዊዕዎም። በቐሊ ክትወልድ ኣይተፈጥረትን። ዕድሎታ ኢዩ። ኣንጻር ተፈጥሮኣዊ ሓቂ ከኣ ኣይትማጐትን። በቐሊ ክትወልድ ኢልካ'ውን ኣይትጽበን። ንወያነ'ውን ከምኡ፣ ንሓቂ ዝድርዕ ዝርዝራትን ጭብጢታትን ከቐርብ ኣይትጽበዮን። ካበይ ኢዩ እሞ ከምጽእ! ጭብጢ ስለ ዘይነበሮ፣ ናብቲ ህንዱድ መንቅሎኡ ኣትዩ- ፈላሚት ጥይት ተኩሱ።

ውግእ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተኸፊቱ። እቲ ንስለ ሃገሩ ጥራይ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፣ ነቲ ናይ ታህዲድ ማዕበል ገኒሑዎ። እቲ ሓላዪ ዘይረኸበ ወለዶ መንእሰይ ኢትዮጵያ፣ ክትገልጾ ብዘስካሕክሕ ህልቂት ጠፊኡ። ሸዑ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ይዋእኩም መሳኪን መንእሰያት" ክብል ከሎ፣ ህዝባዊ ግንባር ግን ነቲ ናይ ወትሩ ሰብኣዊ ርህራሄኡ ኣንጸባሪቑ፣ኣብ ልዕሊ እቶም ተኾብኪቦም ናብ መጋርያ እሳት ዝኣትውን ዝጥበሱን፤ ዘውግኡን ዝማረኹን ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ናይ ወትሩ ሓልዮቱ ለጊስሎም፣ብኣንጻሩ ካድራት ወያነ፣ ነቲ ኣብ ታሪኽ ውግእ ዓለም ምስ ዓበይቲ ህልቂታት ዝጽብጸብ ውግእ እግሪ መኸል፣ ብናይ ዓይኒ መሰኻከር ናይ ደገ ጋዜጠኛታት ተሓቲታ ኣፈኛ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰሎሜ ታደሰ'ውን

*"....ውግእ ኣይተኻየደን፣ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ሂብኩም፣ ሓሶት ኢዩ፣ ናይ ኢትዮጵያውያን ሬሳ ምኻኑ ብጨንኡ ዲኹም ፈሊጥኩሞ...."*

ክትብል ተሰሚዓ።

በዚ ጥራይ'ውን ኣይተቐየዱን፣ ኣብ ሓደ ቃል ጻዕዳ ሓሶት ምጽናዕ'ውን ኣይክእልዎን ኢዮም፣ በየናይ ሱሮም ደው ክብሉ፣ ነቲ ኣብ እግሪ መኸል ዘጋጠሞም ህልቂት፣

*"ብልጭታ ጥይት ኣየተራእየን፣ ድምጺ ተኩሲ ኣይተሰምዐን፣ ብሱሩ ኲናት ኣይተኻየደን"*

ከም ዘይበሉ፣ ንስኢሊ ሬሳታቶም ኣብ መስኮት ቴለቪዥን ኢትዮጵያ፣ ናይ ሻዕብያ ወተሃደራት እናበሉ ከርእዩ ኣይሓነኹን፣ እዚ'ውን፣ መርኣያ ዝነበሮም ንዕቐት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኢዩ፣ እዚ ንገዛእ ርእሰኻ ጥራይ ዘዐሽው ድራማ ኮይኑ ምስ ተረፈ

*"ኣንቲ ወላዲት ኣምላክ ካንመወዳእታኡስ ናብዚኦም ደርቢኸና"*

ኢዩ ኢሉ - ህዝቢ ኢትዮጵያ።

ወያነ፣ ኣብ ልዕሊ ክልቲኡ ህዝቢታት ዘይሕከኽ ኣሰር ንምግዳፍ፣ ብኹሉ ዝኽእሎ ዘበለ፣ ናይ ድኹማት ሓሳብን ዓቕምን ፈቲኑ ኢዩ። ሕሉፍ ሓሊፍዎ'ውን፣ እቶም ምስ ነፍሲ ወከፍ ትርግታ ህዝቢ ዘድምጹን ብሕልና ዝመርሑን ሰማእታት ኤርትራ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስውኣቱ ንዘለዎ ዘይቅለጥ ፍቕርን ኣኽብሮትን ኣብ ግምት ኣእትዩ፣ ናይ ዘልኣለም ቂም ንምፍጣር፣ መቓብር ሰማእታት ኤርትራ ኢዩ ብሕራነ ኣፍሪሱ። ሽዑ'ውን፣ ነቲ ተግባራት ዝተዓዘበ ህዝቢ ኢትዮጵያ ምጸታት ኢዩ ክብል ተሰሚዑ።



ወያነ ኩሉ ዝሓሰቦ ኣይሰለጦን። ጉዳያት ግዜ በሊያም፣ ዓሪፎም። ከምቲ መንግስቲ ኤርትራ፣ ብንግሆኡ ብልዝብ ክፍታሕ፣ ካብኡ እንተሓለፈ ብመንጎኛ፣ እንተገደደ- ገደደ ድማ፣ ብመንገዲ ዳንነት ክድምደም- ዝበሎ ኮይኑ።

*"ዶባዊ ግጭት ብዘተን ልዝብን፣ ብሰላማውን ብሕጋውን መገዲን ጥራይ እዩ ዝፍታሕ"*

ዝብል መርሓ ሓሳብ ህዝባዊ ግንባር-ስዒሩ። ዘይዕጸፍ መደምደምታ ዝተረኽቦ ፍርዲ ተበይኑ።

13 ሚያዝያ 2002፣ ንሕብሪ ህዝባዊ ግንባር ዘድምቐት ዕለት ኢያ። ኣብዚ ስልጡን ዘመን፣ ንኣህጉርን ንዓለምን፣ ኣብነታዊ ታሪኻዊ ምዕራፍ ከፊታ። ነቲ ጽኑዕን ሓቀኛን መርገጺ ህዝባዊ ግንባር ብግብሪ መስኪራ። መኸተምታ ናይዚ ዝኾነ ዶባዊ ሽግር፣ ኣብ ጣውላን ብዘተን ብሕግን ብሰለማውን መገዲ ከም ዝፍታሕ ትምህርቲ፣ ንኹሉ ሂባ።

ብዘይካ'ዚ፣ 13 ሚያዝያ፣ ሓቀኛ ምስሊ ህዝባዊ ግንባርን ወያነን ኢያ ኣግሂዳ። ድሕሪ ውሳነ ኮሚሽን ዶብ፣ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ካብ ልሙድ ዕለታዊ ስርሖም ኣይበኾሩን። እቲ ርጉእ ባህርያቶም'ውን ኣይገደፉን። ነቲ ልዕሊ ምጽዋር ብዓቕሊ ዝሰርሕሉ ጉዳይ፣ ብህድኣት ከቃልሕዎ ጥራይ ኢዮም መሪጾም። ኣብታ ዕለት እቲኣ፣ መራኸቢ ብዙሃን ኤርትራ፣ እቲ ስሩዕ መደብ ስፖርት ከቃልሑ ከለዉ፣ ካድራት ወያነ ግን፣ ከም ኣመሎም፣

*"ቀዲሙ ዝተዛረበ ንግዜኡ ሰማዒ ይረክብ፣"*

ክብሉ ተሰሚያም። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ስዩም መስፉን

> *"በምእራቡ ኣከባቢ ኣገራችን ካቀረበችው ጥያቄ በመነሳት ሻዕቢያ ይገባኛል ብሎ ወረራ የጀመረበት የባድመ ኣከባቢ የኢትዮጵያ እንደሆነ ኮምሽኑ ኣረጋግጠዋል። (ብሸነኽ ምዕራብ ሃገርና ዘቕረበቶ ሕቶን ሻዕቢያ ይግባኣኒ ኢዩ ኢሉ ወራር ዝጀመረሉ ቦታ ባድማ፣ ናይ ኢትዮጵያ ኢያ ክብል ኮሚሽን ዶብ ኣረጋጊጹ።)*

ከይሓነኹ'ውን፣ መርኣያ ዝነበሮም ንዕቐት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ "ብዓወት ናይ ባድማ ፣ ሰላማዊ ሰልፍን ድግስን ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ፣ ይገበር" ኢሎም ኣዊጆም፣፣ ዘይሓንኽ፣ መኣስ ይሓንኽ! ብኣንጻሩ መግለጺ መንግስቲ ኤርትራ፣

> *"ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት፣ ኩናት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ቅድሚ ምእዋጁን ድሕሪኡን፣ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝወረደ ከቢድ ክሳራ ቅድሚ ምውራዱ፣ ጉዳይ ዶብ ብሰለማውን ሕጋውን መንገዲ'ምበር፣ ብመጐት ሓይልን ኩናትን ክፍታሕ ከም ዘይክእል፣ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ብቐጻሊ ከረጋግጽዎ ጸኒሖምዮም። ሎሚ ዝተዋህበ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ ነዚ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ብሩህ ዝነበረ ሓቂ ደጊሙ ኣረጋጊጹዎ ኣሎ። ነዚ ሎሚ ዝተዋህበ ብይን ክልተኣን ሃገራት፣ ኣብ ታሕሳስ 2000፣ ኣብ ኣልጀርስ ስምምዕ ኣብ ዝተበጽሓሉ ግዜ፣ ከም ናይ መጠረሽታን ቀያድን ኪቕበልኦ ስለዝፈረማ፣ ሕቶ ምቕባልን ዘይምቕባልን፣ ሕጂ ሓተታን ቁጽይጽይን ዝሓትትን ንኣይኮነን። እቲ ውሳነ፣ "ረብሓ ንመን ከይዱ" ዝብል ሕቶ ዚምልሶ፣ ልዕሊ ኹሉ እቲ ብይንን ኣመታቱን ኢዩ። ሎሚ መግለጺታት እንተበዝሓን እንተተ'ዃሓሓለን፣ ኣብዘን ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተባህለ ካብ ኣእምሮን ዝኽርታትን ስለ ዘይተደምሰሰን ስለ ዘይተረስዐን፣ ክርሳዕ'ውን ስለ ዘይክእል፣ ወያነ ኩናት ክእውጅ ከሎ፣ መበገሲ ኩናት ጌሩ ዘልዓሎ፣ ናይ ባድማ ምስምስን ካርታ ክልል ትግራይ ካብ ወረቐት ስለዘይሃሰሰ፣ እቲ ውሳነ፣ ንረብሓ መን ከይዱ? ዝብል ሕቶ፣ ናይ ዝኾነ ወረጃ መደረ ዜይሓትት፣ ህዝቢ ኢትዮጵያውን ባዕሉ ፍርዲ ዝህበሉ ጉዳይ'ዩ። በዚ ኾነ በቲ፣ ብዘይካ'ዚ ብይንዚ፣ ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ መደምደምታ ምርካቡ፣ ናይ ክልቲኦም ህዝቢታት ዓወት ኢዩ። ኣብ መደምደምታ መንግስቲ ኤርትራ፣ ንኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስጋንኡ ይገልጽ። ክብርን መጐስን ንሰማእታትና፣ ዓወት ንሓፋሽ!"*

> ዝብል ኢዩ ዝነበረ።

እዚ መግለጺ እዚ ንመልክዕን ባህርን ፖለቲካዊ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር እዩ ብልክዕ ዝውክል። ንነገራት፣ ልዕሊ ብርክን ትሕቲ ብርክን ከየጋነንካ ምግላጽ። ብዓቢኡ ከኣ ካብ ስምዒት ሓራ ኬንካ፣ እቲ ዓወት ንኹሉ ደላይ ሰላምን ጽቡቕ ጉርብትናን ዝሓስብ ምዃኑ ናይ ስልጡን ህዝቢ ሓሳብ እዩ።

ብ15 ሚያዝያ 2002 ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝመሓላለፎ መልእኽቲ'ውን

> *"ኣነ ንኹሎም ኢትዮጵያውያን ክብሎም ዝደሊ፣ እንቋዕ ኣሓጐሰና ክንብል ከለና፣ ንዓኻትኩም'ውን እንቋዕ ኣሓጐሰኩም። ሓቂ'ዩ፣ ናትና ክሳራ፣ ናትና ምረት፣ ናትና ወጽዓ የሕዝነና። ግን ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን፣ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ፣ ዘይደልዮን ዘይረብሓሉን ኩናት ክኣቱ ኣምበይምተደልየን። ትርጉም'ውን ኣይነበሮን።"*

ኢሉ።፣

ካድራት ወያነ፣ ድሕሪ እቲ ፍርዲ፣ ባድማ ብሕጊ ረቲዕና ተዓዊትና፣ ሃየ ተሸብሸቡ ተኣንጐቱ ክብሉ ከም ዘይጸንሑ፣ ካብ ጨራ ብርሃን ጸሓይ ብዝቕልጥፍ ፍጥነት፣ ህዝቢ ኸ እንታይ ክብለና ከይበሉ፣ንሓድሕዱ ዝራጸም ባዕሎም ጽሒፎም ባዕሎም ዝድምስሱዎ መገልጺታት ተቓሊሑ። ካብቲ ብዙሕ መትሓዝን መእሰርን ዘይብሉ መግለጺታቶም፣ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኢትዮጵያ

> *"በምእራቡ ኣከባቢ ኣገራችን ካቀረበችው ጥያቄ በመነሳት ሻዕቢያ ይገባኛል ብሎ ወረራ የጀመረበት የባድመ ኣከባቢ የኢትዮጵያ እንደሆነ ኮምሽኑ ኣረጋግጠዋል።"*

ንህዝቢ ኢትዮጵያን ዓንኬላት ዲፕሎማሰኛታት ብሓሶት ምስ ኣበሰረ፣ ጥፍጣፉ ከይነቐጸ፣ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ፈለማ፣" "ቤት ፍርዲ ናትኩም እንተኢልኩም ትወስዱ" ክብል ከም ዘይጸንሐን ብመገዲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣቢሉ ባድማ ናትና ኢሉ ከምዘይዘመረ "የድንበር ማካለል ኮሚሽን ያሳለፋቸው ውሳኔዎች ህገ ወጥና ኢፍትሓዊ መሆናቸው ለኢትዮጵያ ህዝብና መንግስት በጣም ግልጽ የሆነ ጉዳይ ነው።"( እቲ ብኮምሽን ምምልካት ዶባት ዝሓለፈ ውሳነ ካብ ሕጊ ወጻኢን ዘይፍትሓውን ምዃኑ፣ ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ኣዝዩ ብሩህ ዝኾነ ጉዳይ ኢዩ።" መቜምያ ዘይብሉ መግለጺታት ከስምዑ ተገዲዶም። ዘይርጉእ ርጉእ ሓሳብን መግለጺን ዝርከቦ

ኣይኮነን። እንተኾነ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ብሕጋዊ መገዲ ኣኺቲሙ። ዓቃል ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሳላ እቲ ኣንጊሆምን ኣርጊጾምን ዝኣትውዎ ጉዳይ፣ ተዓዊቶም። ልኡላውነቶም ኣኽቢሮም።

ብዶብ ተመኽንዩ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ገሪፍካን ኣዋሪድካን ንምንብርካኽ ዝተገብረ ሃቐነ ወያነ፣ ብሓያል መኸተ፣ ተመኪቱ፣ ኣብ ዓውደ ውግእን መጋባእያን ምስ ደነነ፣ እቶም ናይ ደገ ሓይልታት፣ ናይ ከበባ ተጻብኦ፣ ቁጠባዊ ሸርሕን ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናትን ኣሰንዮም'ዮም 4ይ ወራር ዝኸፈቱ።

ሓድሽ እርእስቲ ተረኺቡ ከኣ፣ ከምቲ "ተሓሳሚ ጓሳስ ንምስሑ ዝብልካዮ ንድራሩ ይ'ኾኖ" ዝበሃል፣ ናብ ሕግን ሓኽልን ከይተኼደ ከሎ፣ ባሕሪ ዓቕሊ ህዝባዊ ግንባር፣ ሕቶ ዶብ ኣብ ጠረጴዛን ብዘተን ኢዩ ዝፍታሕ ከም ዘይበሎም፣ ፍርዲ ምስ ተፈጸመ፣ ውሳነ ምስ ተበየነ፣ ወያነን ጐይቶቱን ብዘይ ሕንከት፣ *"ክንላዘብ"* ክብሉ ተሰሚዮም። ሓሸውየ ሸውየ!።

እቲ ሓሸውየ ከምቲ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣብ 24 ግንቦት 2004፣

> *"ወያነ፣ ትምኒቱ ንምርካብ ኲናት ኣይሰርሓሉን። ዳንነት'ውን ኣየቕሰኖን። ስለዚ ኸኣ'ዩ ድሕሪ እቲ ኹሉ ሃለኽለኽ ብይን ኮምሽን ዶብ ንምግምጣል፣ ኩሉ ዓይነት ዕንቅፋታትን ኣብያን ከርኢ ዝርከብ። ኣብዚ ቅንያትዚ፣ ወያነ ከም መቐጸልታ ናይቲ ካብ ትግባረ ብይን ንምህዳም ከካይዶ ዝጸንሐ ዛጊት ዘይቀንየ ህቀናታት፤ ሓንሳእ፣ ነቲ ጉዳይ ካብ ኮምሽን ዶባት ስሒብና ንሕቡራት ሃገራት ናይ ዶባት ውሳነ ኣብ ምግልባጥ ብዘቕረብናሉ ጻውዒት፣ እዝኒ ስለ ዘይሃበ፣ እቲ ጉዳይ ባዕልኹም ርኣዩልና፣፣ ሓንሳእ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶባት ኣይቅበሎን'የ ስለ ዝበለ ንሕና(ወያነ ማለት'ዩ) ንምቕባሉ ኬሸግረና ኢዩ። ሓንሳእ፣ ባይታ ንስምምዕ ከምዚ ይብል፣ ከምዚ ኣይብልን። ሓንሳእ፣ ናይ ኢህወደግ ጉባኤ ስለዘሎና፣ ክሳብ ሽዑ ውዱእ መልሲ ክንህብ ኣይኮናን። ሓንሳእ ብዘስደምም፣ ፕረሲደንት ኮምሽን ዶባት ብጽኑዕ ሓሚሞም ስለዘለው፣ እንተሞቱኸ?" እናበልካ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝርከቡ ዲፕሎማስያውያን ዓንኬላት፣ ወግሐ ጸብሐ እናኣንገድካ፣ ንዕኡ ተሓጋገዙና ዝዓይነቱ ሽሕጣን ብዓለም ደረጃ ጽዑቕ ዲፕሎማሲያውን ምድንጋራውን ዘመተታት ምክያድ ናይ ወያነ ዘመናዊ ቅዲ ኮይኑ ኣሎ እንተተባህለ ከገርም ኣይክእልን።"*

ብርግጽ!

እቲ ወያነ፣ ሓድሽ ካርታ ከውጽኡ ከለዉ፣ ብሓይሊ ዶብ ኤርትራ ጥሒሶም ህዝቢ ከበሳብሱ ከለዉ፣ እቲ ወያነ ብሓይሊ ቃል ታህዲድ ከጋውሑ ከለው፣ እቲ ወያነ፣ ኲናት ክእውጁ ከለው፣ ብህድኣትን ብዓቕልን፣ ብሰላማውን ልዝብን ንሕቶኦም መልሲ ክረኽቡ ዝጸውዐ ህዝባዊ ግንባር፣ ዝተኸፍለ ዋጋ ምስ ተኸፍለ፣ ጽዓት ምስ ሃለኸ፣ ልዕሊ ኩሉ፣ እቲ ጉዳይ ኣብ መዓልቦኡ ምስ ዓረፈ፣ ልዝብ እንታይ ማለት ኢዩ? ኣብ ምንታይ ኣርእስትን በየናይ ቋንቋን? ክምልስ ግድን ኢዩ።

መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፣ ኣብ ከንቱን ትርጉም ዘይብሉን ብሸንኰለል ግዜኡን ጽዓቱን ከህልኽ ፍቓደኛ ኣይኮነን። ኣይክኸውንን ድማ ኢዩ። እቲ ንጻውዒት ሰላምን ዘተን ህዝባዊ ግንባር ጸማም እዝኒ ሂቡ፣ ተሓቢኡ ዘይኮነስ ብርኣዩለይ ተመልከቱለይ ጥሩምባ ሃሪሙ፣ ኲናት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝኣወጀ ወያነ፣ ንማለቱ'ውን ዓገብ ዘይበለ ማሕበረ ሰብ ዓለም፣ እቲ ጉዳይ ምስ ዓረፈ፣ ንህዝባዊ ግንባር ካብቲ ኣጽኒዑ ዝሓዞ ዕርፊ፣ ካብቲ ዝተኸተሎ ሓዲድ ሓቂ ክኣልዮ፣ ምስናይ ምሕባል ንድምጺ ወያነ ከቃልሕ ተሰሚዑ- ቋንቋ ልዝብ።

እቲ ብወሰንን ብማእከልን ናብ ዝዓሞቐ መጻድፍ ንምእታው ዝተገብረ ሃቐነ፣ ኣብ ባሕሪ ርግኣት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከንቱ ፈተነ ኮይኑ ኢዩ ዝተርፍ። እቲ ትያትሮ ልዝብ ከይተሰርሐ ብምንታይ ከም ዝውዳእ ስለ ዝፈልጥ፤ ህዝባዊ ግንባር ንኽብርን ዋጋን ወለዶታት፣ ብሎምን ጽባሕን ብሓላፍነት ዝሰርሕ ውድብ ስለ ዝኾነ፤ ካብ መትከል ምዕይ ኣይበለን። ኣይክብልን ከኣ ኢዩ።

ናይ ወያነ፣ ሓድሽ ቅኒት ልዝብ፣ ኣሳሰይቱ ድግዲጊት ተዓጢቖም ክሰርሕሉ ምርኣይ ከገርም ኣይክእልን። ገለ ሰኣን ፍልጠት፣ ገለን ብስምዒት፣ ካልኦት በራርያንን ቀባጽያንን'ውን፣ ዝተኸፈለ ክብርን ዋጋን ሃገር ኣብ ግምት ከየእተዉ፣ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ሃገር ንዝተጠንሰሰን ዝተጠጀአን ተንኰላት፣ ኣብ ግምት ከየእተው፣ ግዳይ ናይቲ ሃፈጽታ ኮይኖም "ስለ ምንታይ ዘይንዛተ? ንምንታይ መንግስቲ ዝነቅጽ?..." ዘይበሉ ኣይተሳእኑን። ህዝባዊ ግንባር ግን፣ ነገር ከይኮነ ኣጸጽዩ ዝሓስብ፣ ካብ ግዜያዊ ስምዒት ርሒቑ፣ ንዋልታ ዘይኮነ ድሕሪ ዋልታ እናረኣየ ስለ ዝሓስብን ዝሰርሕን፣ ንለባም ኣጣምታኡ፣ ሰፊሕ ምስትውዓሉ፤ ትያትሮ ልዝብ ወያነን ኣበነብስታቱን ኣየህመሎን። እቲ ተደናገጽቲ ኢና በሃልቲ ዘስምዕዎ ቃላትን ቅኒትን ከብዱ ኣይበልዮን። እቲ ምንታይሲ፣ ብስፍሓት ልቦናን ብሓቅን፣ እምበር ብስምዒት ስለ ዘይምራሕ።

*ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብቲ ዝመረረ መድረኽ፣ ብዘይ ዳኌፋን ሓገዝን፣ ጐይታ መሰሉ፣ ጐይታ ክብሩ፣ ጐይታ መጻኢኡ ክኸውን ዘኽኣሎ፣ እቲ ብቕኑዕ ማእዝንን ብሓቅን ዝተኸሎ ኣዕኑድ እዩ። እቲ መትከላት እቲ፣ ንሓሳባቱን ትግባሪኡን ወትሩ ከኽብዶን ሓቅነቱ ከረጋግጸሉን ኣኽእልዎ እዩ። እቲ ክብሪ ግን ኣብ መድረኽ ቃልሲ ጥራይ ኣይኮነን ሰሪሑ። እቲ ፈልሲ ዓወቱ ዝኾነ ፖለቲካዊ ባህሉ፣ ብሉጽ ክብርታት ኣስቢሑ፣ ዘይብተኽ ሰንሰለት ኢዩ ፈጢሩ።*

*ዓቕልን ርግኣትን ምስ ካልኦት ብሉጽ ክብርታት፣ ብዕጽፊ እናወሰኸ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ምስግጋሮም ከኣ፣ መርኣያ ናይቲ ቅኑዕን ብሱልን ዘይነጽፍ ሓሳባት ህዝባዊ ግንባር ኢዮም። እዚ ሓድሽ ጽምዲ ዕማም ዝፍጽም ዘሎ ወለዶ እዚ'ውን፣ ሰለስተ ገዘፍትን ሰፋሕትን ናይ ብረት ቅሉዕ ወራር ከፍሽልን ብነጠብጣብ ርሃጹ ሃገር ክሃንጽን ዘኽኣሎ፣ እቲ ምስትውዓልን ዓቕልን ስለ ዝለበሰ ኢዩ። ንጉዳያት ካብ ፍለማ ምብጋሶም ርእዩ፣ ንዕድሉን መጻኢኡን ኣንቢቡ፣ ዘይዓርብ ንያት ዓጢቑ፣ ኣብ ኣልማዒ ቃልሲ ተጸሚዱ። ብርግጽ፣ ነቲ ዓርሞሸሽ ወራር ኣፍሺልዎ። እዚ ትእምርቲ ዝሰርሕ ዘሎ ወለዶ፣ ግን ናይ ብረትን ባሩዳት ኲናትን ጥራይ ኣይኮነን ገጢሙ ስዒሩ። ነቲ ዝዓበየን ሓደገኛን ስዉር ኲናት'ውን- ከም ራብዓይ ወራር፣ በቲ ርጉእን ዓቃልን ባህሩ ኣፍሺልዎ።*

*ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ማእለያ ዘይብሎም፣ ንሕልናኡን ተስፋኡን፣ ዕድሉን መጻኢኡን ዝፈታተኑ፤ ብማሕበራዊን፣ ቁጠባውን ብዓቢኡ ዘየዕርፉ ስነ ኣእምሮኣዊ ወራራት ኢዮም ኣጋጢሞሞ። ኣንፈቶም ዘይፍለጥ ናይ ሕቡኣን ሰራዊት ውግእ ከፍሽል ዝኽኣለ ግን፣ ሳላ'ቲ ብስምዒት ዘይግዛእ፣ ብምልኣት ርእሰ-ተኣማንነት ዝሰርሐ፣ ሃገራዊ ፍቕሪ ዝመርሓኡ፣ ብቕኑዕ ኣንፈት ክጓዓዙ ክኢሎም።*



*እዚ ክቡር ፖለቲካዊ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር እዚ፣ ኣብ ምሕሳብ፣ ምውሳን፣ ምትግባር፣ ምግላጽን ምርግጋጽን፣ ሃዲኡ ክውስን ከሎ ንየዋሃት ዝደንጉየ ክመስሎም ከሎ፣ ቀልጢፉ ተዘሪቡ ቀልጢፉ ዝርሳዕ ዘይኮነ ቃሉ፣ ሓቅን ነባርን ኣሰር*

ኢዩ ዝገድፍ። ኣብ ዝወዓሎ ዝሓድር ደፋኢ ሓይሊ ኢዩ ፈጢሩ፣፣ ጀሚሩ ዘየቋርጽ ነባርን ሓቀኛን ክብርታቱ፣ እሙናትን ርጉጻትን ም'ኳኖም ጉዕዞኡ ዘረጋገጽዎ ሓቂ ኢዮም።

ህዝባዊ ግንባር፣ "ዘበነ ውዑይ ሓበሬታ እዩ እሞ" ምስ ዝነፈሰ ንፋስ ንሸበብ" ብምባል፣ ኣብ ሃላኺ ጸብጻብ ኣይነበርን ኢዩ። ቅኑዕ ይኹን ዝምቡዕ፣ ንግዜያዊ ሃልኪ ንውሑድ መኽሰባት ኣይሰርሕን ኢዩ። እቲ ዝሓለፈ ዝነብር፣ እቲ ዝብሎ ዝቕጽልን ዘይኮላለፍን ም'ኳኑ፣ ታሪኽ ይምስክርዎ። ወትሩ ድማ ኣብ ሓዲድ ሓቀኛ መስመር ዝውንጭፍዎ- ንሶም እዮም፣ ረዘንቲ ክብርታቱ። ንኹሉ ግዜ ኣለዎ ዝብል ከኣ ኣብ ሓቅን ርትዕን ስለ ዝኣምን፣ ብዓቕልን ርግኣትን ኣደልዲሉ ስለ ዝረግጽ ኢዩ።

ህዝባዊ ግንባር፣ መርገጺኡ፣ ክብደት ሓሳቡ፣ ረዚን እምነቱ፣ ርቱዕ ውሳኔኡ ወትሩ ዘይቅየር፤ ጽባሕ-ጽባሕ ዝደምቕን ከም ሚዛን ወርቂ ከቢድ ዝነብርን ኢዩ- እቲ ሚዛን ወርቂ!!